# ብሓሶት ፅቡቕ ተግባርን ሽምን ኣይጠፈእን !!!

## ሁማን ራይትስ ዎች

ንሓሶት ዝቖመ ንቕርበት ፈላይ

መደበር ምልኻዕ ንግጭት ዝዓይ

ናይ ነጋዶ ውድብ ንመኸሰብ ዝጎይ

ህዝብታት ከባእስ ካራሩ መፍረይ

ሁማን ራይትስ ዎች

ፀለሎ ለዊሱ ግድግዳ ዝመርዕ

ሰናይ ተጎልቢቡ ሃፍቲ ድኻ ዝምንዝዕ

ነዳዲ ነስኒሱ ፍጡራት ዘባርዕ

ንሓሶት ዝቖመ መጉቱ ዘይረትዕ

ሁማን ራይትስ ዎች

ሃገር እንትጓየ ንዕቤት ሃቂኑ

ጠብሎቕ ወሰን ክገብረልና ዓቂኑ

ዳኛ ክኾነና ደረትና ሰጊሩ

ንሓዊ ከሳውር ውሸጢ ዓዲዘይሩ

ሁማን ራይትስ ዎች

ከደምቲ ዓሲቡ ሕሹኽ መባህልቲ

ንጥቕሞም ዝሓድሩ ንደም ሰብ ሰተይቲ

ንሰብ ሰብ ዝመስሉ ክብሪ ሃገር ሸወጥቲ

ንሰናይ ብእከይ ፈደይቲ ሰረቕቲ

ንርእሶም ዘገርፍጥ ፀለሎ ዝነፍዩ

ግዜ እናጎየየ ርሑቕ ዝቐረዩ

ታሪኽ ዝጓሓፎ ም ዓይኒ ዘየጥረዩ

ንሰብ ዝመስሉ ኣዛብእ ስገኦም ዝሓኽዩ

ቁንጣሮ ቶኺቡ ንክቡር ክብሪ ዝግህስ

ንሕቡእ ምግባሩ ምስሊ ዓዲ ዝድምስስ

ኣብከንዲ ንሰላም ንህልቂት ዝቕይስ

ንግጭት ዝዓዩ ኮራኹር ዝኹስኩስ

ሁማን ራይትስ ዎች

ድርስ ከሪሙ ዓመታዊ ሰሙናዊ ሪፖርት

እዚ ተገበረ እዚ ተደገመ እንዳመረፀ ቃላት

ሽም ሃገር ከመርዕ ባዶ ድምር ባዶ ሓሶት

ዓዲ መንዮም ዘይፈለጠ ስሒቱ ንሰረት

ወዮንሕናስ ዕጡቓት ኢና ባዓል ክልተ ብልሒ ካራ

ክንሕሉ ሃገራዊ ክብሪ ክንሓርድ ሽግርና

መንዩ መን ንፈልጥ መሚና

ዜሮ ትብኒት ዝረታዕና ከምሓደ ሰሚርና

ንለባም ዘቑናእና

እምባኣርከስ ሓሳዊ ንሓሶት ይጓየ

ንሕናሞ ንሓሶት ንዒቕና ጋሊህና ንንየ

ወርቂ ራኢ ሒዝና ነቲ ዝተሓርየ

ንኽብርና ክቡር ዝተጠርየ

ጉዕዞና ንፁርዩ ጓሓፍ ግለት ዝመመየ

ዉጡናት ክንዛዝም ናይቲ ዘይቀነየ

ዘለኣለማዊ ክብርን መጎስን ንጀጋኑ ስውኣትና

ብርሃነ

ኖርወይም